Socialstyrelsen

# በስገዳዲ ክንክን ስነ-ኣእምሮ ንዝወሃቦ ዝምልከት ሓበሬታ

ክንክን ብመሰረት LPT

ነቶም ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦምን ኣስገዳዲ ፎሮንዚቓዊ ክንክን ስነ-ኣእምሮ ዝወሃቦም ዘለዉ ሰባት ዝምልከት ፍሉይ ብሮሹር ኣሎ።

እዚ ሕታም እዚ ብሕጊ መሰል ቅዳሕ ዝተሓለወ እዩ። ክትጠቅስ ከለኻ ምንጩ ክግለጽ ኣለዎ። ምስልታት፡ ስእልታትን ፎቶግራፍን ንምብዛሕ፡ ፍቓድ ደራሲ የድሊ።

እዚ ሕታም ብፒዲኤፍ ኣብ መካነ መርበብ ሃገራዊ ቦርድ ጥዕናን ሰብኣዊ ድሕነትን ኣሎ። ጠለብ ምስ ዝህሉ፡ እዚ ሕታም ንኣካለ ስንኩላን ዝኸውን ብኣማራጺ መልክዕ ከነዳልዎ ንኽእል ኢና። ጽሑፍ ብኻልእ መልክዕ ንኽወሃብ ዝምልከቱ ሕቶታት ናብ alternativaformat@socialstyrelsen.se ለኣኹ።

ISBN: 978-91-7555-637-6

ቁጽሪ ጽሑፍ፤ 2024-9-9203

ዝተሓትመሉ፡ www.socialstyrelsen.se፡ መስከረም 2025

# ትሕዝቶ

ጽቡቕ ክንክን ክትረክብ መሰል ኣሎካ 4

ብመሰረት LRV ኣብ'ቲ ክንክን ክሳብ መዓስ ከም ዝጸንሕ መን ይውስን? 6

ገሊኦም መሰላት ክድረቱ ይኽእል 12

ቴሌፎን፡ ኮምፒተርን ደብዳቤታትን 12

እቶም ሰራሕተኛታት ንብረትካ ክምርምሩ ይኽእሉ 13

ምብጻሕ 13

ኣስገደድቲ ስጉምትታት 15

ይግባይ ክትብል መሰል ኣለካ 17

ምስ ዘይትዓግብ ወይ ሕቶታት ምስ ዝህልወካ 18

መዝገበ ቃላትን ኣሕጽሮተ ቃላትን 19

መወከስታታት 20

# ጽቡቕ ክንክን ክትረክብ መሰል ኣሎካ

ክንክን ጥዕና ንዓኻን ንኹሉ ሰብን ውሑስን ዘተኣማምንን ክኸውን ኣለዎ። ክንክን ጥዕና ሌላን ጉሌላን ብዘይብሉን ኽብሪ ውልቀ ሰብን ብዘኽብር ኣገባብንን ክወሃብ ኣለዎ። እቶም ሰራሕተኛታት ትኽክለኛ ስልጠናን ብቕዓትን ክህልዎም ይግባእ።




## ፎረንዚቓዊ ክንክን ስነ-ኣእምሮ እንታይ እዩ?

ብመሰረት ሕጊ ፎረንዚቓዊ ክንክን ስነ-ኣእምሮ(LRV) ክንክን ምርካብ ማለት፡ ሓኪም ወይ ቤት ፍርዲ ኣብ ሕጊ ፎረንዚቓዊ ክንክን ስነ-ኣእምሮ ብዝርከቡ ድንጋገታት መሰረት በስገዳዲ ክንክን ክወሃበካ ወሲኑ ኣሎ ማለት እዩ። ዕላማ ፎረንዚቓዊ ክንክን ስነ-ኣእምሮ ንሕማም ስነ-ኣእምሮኣዊ ኩነታት ክንክን ምሃብ፡ ናብ ገበን ዳግማይ ንኸትምለስ ዘሎ ስግኣት ንምንካይን ከም ጥዑይ ዜጋ ናብ'ቲ ሕብረተሰብ ንኽትምለስ ባይታ ንምፍጣር እዩ።

## መዓስ እየ ናብ ፎረንዚቓዊ ክንክን ስነ-ኣእምሮ ክሰጋገር ዝኽእል?

ብመሰረት LRV ክንክን ክወሃበካ ዝኽእል፤

- እቲ ቤት ፍርዲ ፎረንዚቓዊ ክንክን ስነ-ኣእምሮ ክወሃበካ ምስ ዝውስን
- ዝተታሓዝካ፡ ብቤት ፍርዲ ኣብ ቀይዲ ክትጸንሕ ዝተወሰነልካ ወይ ክንክን ንምርካብ ኣብ ፎረንዚቓዊ ክንክን ስነ-ኣእምሮ ንእትርከብ
- ኣብ ክንክን ንዘለኻ ወይ ናብ ቤት ማእሰርቲ ንኽትሰጋገር ዝተመደበልካ።

ክማላኡ ዘለዎም ረቛሒታት ድማ፤

- ከቢድ ምንዋጽ ኣእምሮ ምስ ዝህልወካ።
- 24 ሰዓታት ናይ ስነ-ኣእምሮ ክንክን ምስ ዘድልየካ።
- ነቲ ዘድልየካ ክንክን ምስ ትሕረሞ።

ብትእዛዝ ቤት ፍርዲ ናብ ፎረንዚቓዊ ክንክን ስነ-ኣእምሮ እንተተሰጋጊርካ፡ እቶም ቀዳሞት ክልተ ረቛሒታት ምስቲ ናይ ቤት ፍርዲ ውሳነ ብሓባር እኹላት እዮም። ዝተታሓዝካ፡ ብቤት ፍርዲ ኣብ ቀይዲ ክትጸንሕ ዝተወሰነልካ፡ ክንክን ንምርካብ ኣብ ፎረንዚቓዊ ክንክን ስነ-ኣእምሮ እትርከብ ወይ ድማ ናብ ቤት ማእሰርቲ ክትሰጋገር ዝተወሰነልካ እንተኾይኑ፡ እቲ ሳልሳይ ረቛሒ እውን ክማላእ ኣለዎ።

# ብመሰረት LRV ኣብ'ቲ ክንክን ክሳብ መዓስ ከም ዝጸንሕ መን ይውስን?

ክንክን ንኽወሃበካ መን ከም ዝውስንን እቲ ክንክን መዓስ ከም ዘብቅዕን ኲነታትካ እዩ ዝውስኖ።

## ናብ ፎረንዚቓዊ ክንክን ስነ-ኣእምሮ ዝተረከቡ

ብማእሰርቲ ዘቕጽዕ ገበን እንተፈጺምካን እሞ ኸኣ ከቢድ ናይ ኣእምሮ ምንዋጽ ጸገም እንተሃልዩካን፡ እቲ ቤት ፍርዲ ናብ ፎረንዚቓዊ ክንክን ስነ-ኣእምሮ ከረክበካ ይኽእል እዩ። እዚ ዝቕየድ ብገበናዊ ሕጊ(BRB) ይቕየድ። ፎረንዚቓዊ ክንክን ስነ-ኣእምሮ ኣብ ዕጹው ክፍሊ ጥዕና ይጅምር።

ቀዳማይ ፍርዲ እንተበዝሐ ንኣርባዕተ ኣዋርሕ የገልግል። ብድሕሪኡ ቤት ፍርዲ እቲ ናይ ፎረንዚቓዊ ክንክን ስነ-ኣእምሮ ክቕጽል ከም ዘለዎ እንተ ወሲኑ፡ እንተበዝሐ ኣብ ሓደ እዋን ብሽዱሽተ ኣዋርሕ ይናዋሕ። ቤት ፍርዲ ነቲ ክንክን ክንደይ ግዜ ከናውሖ ከም ዝኽእል ደረት የብሉን።

ኣብ ክፉት ፎረንዚቓዊ ክንክን ስነ-ኣእምሮ ክንክን ንኽትረክብ እቶም ዝምልከቶም ረቛሒታት ምስ ተማልአ እቲ ቤት ፍርዲ ክውስን ይኽእል። እቲ ዋና ላዕለዋይ ሓኪም እዩ ንክፉት ፎረንዚቓዊ ክንክን ስነ-ኣእምሮ ከመልክት ዘለዎ። እዚ ማለት ቤት ፍርዲ ዝወሰኖም ፍሉያት ቅድመ ኩነት ክሳብ ዘማላእካ፡ 24 ሰዓታት ኣብ ሆስፒታል ክትህሉ ኣየድልየካን እዩ። እዚኦም ንኣብነት ሓደ ዝተወሰነ መድሃኒት ምውሳድ ወይ ኣብ ቴራፒ ምስታፍ ዝኣመሰሉ ጠለባት ክኾኑ ይኽእሉ። እቲ ቤት ፍርዲ ነቲ ዋና ላዕለዋይ ሓኪም ነዞም ጠለባት ንኽውስኖም ሓላፍነት ክህቦ ይኽእል እዩ። እዞም ናይ ክፉት ክንክን ፍሉያት ጠለባት እንተ ዘይተማሊእካ፡ ክንክን ኣብ ዕጹው ንኽወሃበካ ዳግም ክውሰን ይኽእል እዩ።

## ፎረንዚቓዊ ክንክን ስነ-ኣእምሮ መዓስ እዩ ዘብቅዕ?

ብዘይ ወይ ብፍሉይ ናይ ምፍናው ገምጋም ናብ ፎረንሲክ ስነ-ኣእምሮኣዊ ክንክን ክትሰጋገሩ ትኽእሉ ኢኹም።

ንኽትፍኖ ፍሉይ ግምገማ ዘየድልዮ ፎረንዚቓዊ ክንክን ስነ-ኣእምሮ ዝተወሰነልካ፡ እቲ ሓኪም እቶም ክልተ ጠለባት ይምልከቱኻ ድዮም ኣይምልከቱኻን ብቐጻሊ ክግምግም ኣለዎ። ዘይምልከቱኻ እንተኾይኖም ድሕሪ ሕጂ ክንክን ኣየድልየካን እዩ።

ንኽትፍኖ ፍሉይ ግምገማ ዘድልዮ ፎረንዚቓዊ ክንክን ስነ-ኣእምሮ ዝተወሰነልካ፡ ኣብ ፎረንዚቓዊ ክንክን ስነ-ኣእምሮ ክትጸንሕ ኣለካ ድዩ የብልካን ዝውስን እቲ ቤት ፍርዲ እዩ።

## ዝተታሓዝካ፡ ብትእዛዝ ቤት ፍርዲ ኣብ ቀይዲ ንዘለኻ ወይ ናይ ማእሰርቲ መቕጻዕቲ ተሕልፍ ንዘለኻ

ዝተታሓዝካ፡ ብትእዛዝ ቤት ፍርዲ ኣብ ቀይዲ ንዘለኻ ወይ ናይ ማእሰርቲ መቕጻዕቲ ተሕልፍ ንዘለኻ፡ ብመሰረት LRV ሓኪም ምስ መርመረካን እቲ ረቛሒታት ከም ዝተማልአ ምስ ገምገመ፡ እቲ ክንክን ዝምልከተካ ክኸውን ይኽእል። ኣብ እዋን ሕክምናዊ መርመራ፡ ጸገማት ጥዕናኻ ንኽትገልጽ ዕድል ተዋሂቡካ ክኸውን ኣለዎ። ብዘይ ድሌትካ ክንክን ንምንታይ ይወሃበካ ከም ዘሎ ሓበሬታ ተዋሂቡካ ክኸውን ኣለዎ። ድሕሪኡ እቲ ሓኪም ናይ ሕክምና ምስክር ወረቐት ይጽሕፍ።

ቅድሚ ክንክን ምርካብካ ካልእ ተወሳኺ ሓኪም ክምርምረካ ኣለዎ። ብመሰረት LRV ድማ ክንክን ኣድላዪ ድዩ ኣይኮነን ይግምግም።

## ፎረንዚቓዊ ክንክን ስነ-ኣእምሮ መዓስ እዩ ዘብቅዕ?

ገለ ካብቶም ረቛሒታት ሕጂ ዘየገልግል እንተኾይኑ እቲ ክንክን ከብቅዕ ኣለዎ።

ተታሒዝካ ወይ ብውሳነ ቤት ፍርዲ ኣብ ቀይዲ ዝጸንሓኻ ምስ ትነብር፡ እቲ ቀይዲ ምስ ዘብቅዕ እቲ ፎረንዚቓዊ ክንክን ስነ-ኣእምሮ እንተ ደንጎየ ሽዓኡ ከብቅዕ ኣለዎ።

> ዕላማ ክንክን ብመሰረት LRV ብዝተኻእለ መጠን ጽቡቕ ሃሊኻ እቲ ዘድልየካ ክንክን ብዘይምግዳድ ንኽክትረክብ እዩ።

## ሓበሬታ ክወሃበካ መሰል ኣሎካ

እቶም ሰራሕተኛታት ብዝርደኣካ ኣገባብ ሓበሬታ ክህቡኻን ሕቶታትካ ክምልሱልካን ኣለዎም።

ብዛዕባ እቲ ሕጂ ዝወሃበካ ዘሎ ክንክንን ድሒሩ ዝተመደበ ነገር እንተሃልዩን ሓበሬታ ክወሃበካ መሰል ኣለካ።

ኣብ እዋን ክንክን እቶም ዝወሃቡኻ መድሃኒታት፡ ፍወሳን ካልእ ነገራትን ብኸመይ ከም ዝጸልዉኻ ንኽትፈልጥ ሓበሬታ ክወሃበካ መሰል ኣሎካ።

## ናይ ክንክን ውጥን ክህልወካ ይግባእ

እቶም ሰራሕተኛታት ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ዝሓጸረ እዋን ብዛዕባ ክንክንካ ምሳኻ ሓቢሮም ውጥን ከዳልዉ ይግባእ። እንታይ ዓይነት ክንክን ከምዘድልየካን ኣብ'ቲ ውጥን ክሰፍር ኣለዎ።

## ሓበሬታ ብዛዕባ ክንክንን መድሃኒታትን

> እቶም ሰራሕተኛታት ዝብልዎ ክሳብ ዝርደኣካ እንታይ ይብሉ ከምዘለዉ ክትሓትት መሰል ኣለካ።

እቶም ሰራሕተኛታት ዝተፈላለዩ ክንክናትን መድሃኒታትን ንዓኻን ኣካላትካን ብኸመይ ክጸልዉኻ ከም ዝኽእሉ ክነግሩኻ ኣለዎም። ብተወሳኺ እቲ ዝወሃበካ ክንክን ስግኣት ኣለዎ እንተኾይኑ፡ እቲ ትወስዶ መድሃኒት ምስ ወሰድካ ገለ ከጋጥም ዝኽእል እንተኾይኑን ጎድናዊ ሸነኻት እንተለዎን፡ ንኽትፈልጥ መሰል ኣለካ።

## እቶም ሰራሕተኛታት ብዛዕባኻ ዝጽሕፍዎ ከተንብብ ትኽእል ኢኻ።

ነቲ ውጥን ክንክንካ ከተንብብ መሰል ኣለካ። እንተ ተኻኢሉ እቶም ሰራሕተኛታት ነቲ ውጥን ክንክን ምሳኻ ሓቢሮም ከዳልዉዎ ይግባእ። መዝገብ ክንክን ጥዕናኻ ከተንብቦ እዉን መሰል ኣሎካ። ይኹን እምበር፡ እቲ ሓኪም ኣብ'ቲ መዝገብ ገለ ሰፊሩ ዘሎ ምስ ተንብቦ ንጥዕናኻ ወይ ነቲ ዝወሃብ ክንክን ብኣሉታ ክጸልዎ እዩ ኢሉ እንተሓሰቦ፡ እቲ ሓበሬታ ካባኻ ብምስጢር ክኸወል ይኽእል እዩ። ብድሕሪኡ ነቲ ንሕክምናዊ መዝገብካ ዝምልከት ውሳነ ናብ ምምሕዳራዊ ቤት ፍርዲ ይግባይ ክትብል መሰል ኣለካ።

## ብዛዕባኻ ሓበሬታ ክረክብ ዝኽእል መን እዩ?

ብመሰረቱ ካብ'ቲ ክንክን ዝህበካ ጕጅለ ወጻኢ ብዛዕባ ዝወሃበካ ክንክን ንመን ሓበሬታ ክወሃቦ ኣለዎ ዝውስን ሰብ ንስኻ ኢኻ። እዚ ነቶም ቀረባ ሰብካ ዝኾኑ እዉን ይምልከት እዩ።

### ክንክን ጥዕና ብሚስጢር ይምራሕ

ምስጢር ማለት እቶም ሰራሕተኛታት ብዛዕባ ጥዕናኻ ወይ ካልእ ውልቃዊ ጉዳያትካ ክነግሩ ኣይፍቀደሎምን ማለት እዩ። ምስግጋር ሓበሬታ ክፍጸም ዝኽእል፡ ፈለማ እቲ ግምገማ ምስጢር ዝበሃል መርመራ ድሕሪ ምክያዱ ጥራይ እዩ።ፍቓድካ ምስትህብ እውን ሓበሬታ ንኻልእ ክወሃብ ይኽእል እዩ።

ኣብ ዝተወሰኑ ኩነታት ሓበሬታኻ ንኻልእ ኣካል ናይ ምሃብ ተኽእሎ ወይ ግዴታ ክህሉ ይኽእል እዩ። ኣብ ዝተወሰኑ ኣጋጣሚታት ነቲ ዘድልየካ ክንክን ወይ ቴራፒ ወይ ደገፍ ንኽትረክብ፡ እንዳ ሶሻልን ክፍሊ ክንክን ጥዕናን ሕክምናን ብዛዕባኻ ሓበሬታ ክለዋወጡ ይኽእሉ እዮም።

ኣብ ክፉት ፎረንዚቓዊ ክንክን ስነ-ኣእምሮ ዝተዋደደ ምምዳብ ክንክን የድሊ። እዚ ማለት ብዛዕባኻ ውሱን ሓበሬታ ንኣብነት ምስ ንኡስ-ዞባኻ ወይ ምስ ቀጻሊ ክንክንን ደገፍን ዝህቡኻ ካልኦት ተዋሳእቲ ምልውዋጥ የድሊ።

### ቈልዑ ከም ቀረባ ቤተሰብ

ሓደ ቈልዓ ቀረባ ሰብካ ምስ ዝኸውን፡ እቶም ሰራሕተኛታት ነቲ ቈልዓ ዝወሃቦ ሓበሬታ፣ ምኽርን ደገፍን ፍሉይ ግምት ክገብሩሉ ኣለዎም። ምስ ውልቃዊ ድሌታት ቆልዓን ደረጃ ብስለትን እውን ክመጣጠን ኣለዎ።

## ደጋፊ ሰብ ክግበረልካ መሰል ኣለካ

- ደጋፊ ሰብ ማለት ኣብ'ቲ ኣስገዳዲ ክንክን ኣብ ዘለኻሉ እዋንን ድሕሪኡ ሓደ ወርሒ ዝኸውን ደገፍ ዝህበካ ሓደ ካብ ግዳም ዝመጸ በጽሒ ሰብ እዩ።
- እቲ ደጋፊ ሰብ ኣብ ውልቃዊ ጉዳያትካ ይሕግዘካ፣ምሰኻ የዕልልን ግዜ የሕልፍን።

## ንደገፍቲ ሰባት ዝምልከቱ ደንብታት

እቲ ዝድግፈካ ሰብ ብስሩዕ ክበጽሓካ ይኽእል እዩ፣ ሓደ ሓደ ግዜ ግን ናይቲ ክፍሊ ጥዕና ሰዓታትን መምርሕታትን ነቲ ምብጻሕ ክጸልዎ ይኽእል። ብዘይካ ምብጻሕ፡ እቲ ሰብ ንኣብነት ብዛዕባ ክንክንካ ኣብ ዝግበር ኣኼባታት ክሳተፍን ኣብ ምምሕዳራዊ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝግበር ምጉት ደገፍ ክህበካ ይኽእል።

> ዕማም ናይ'ቲ ደጋፊ ሰብ ንዓኻ ንምድጋፍ እዩ።

እቲ ደጋፊ ሰብ ብዛዕባ ጥዕናኻን ካልእ ውልቃዊ ሓበሬታኻን ብዝምልከት ብሚስጢር ንኽሕዞ ይቕየድ። እዚ ማለት ኣብ ኣዝዮም ፍሉያት ዝኾኑ ኩነታት ጥራይ እዩ ንኻልኦት ክዛረብ ዝኽእል።

### ደጋፊ ሰብ ብኸምዚ ይወሃበካ

እቶም ሰራሕተኛታት ሓበሬታ ንምቕባል ኩነታት ጥዕናኻ ኣብ ደሓን ደረጃ ከም ዘሎ ምስ ኣረጋገጹ፡ ከይደንጎዩ ደጋፊ ትደሊ እንተ ኾይንካ ክሓቱካ ኣለዎም። እቲ ናይ ሕሙማት ቦርድ እዩ ደጋፊ ሰብ ዝሸመልካ። ነቲ

> ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዞባ ንሕሙማትን መቕርብን ሓበሬታ ንኽረኽቡን ንክንክን ጥዕና ሓሳባቶም ንኽገልጹን ደገፍን ሓገዝን ዝብህ ናይ ሕሙማት ቦርድ ኣሎ።

ደጋፊ ሰብ ክትቅይሮ እንተደሊኻ ወይ ቅሬታ እንተሃልዩካ ነቶም ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ወይ ነቲ ናይ ሕሙማት ቦርድ ክትውከሶ ትኽእል ኢኻ።

## ገሊኦም መሰላት ክድረቱ ይኽእል

ኣብ ዕጹው ሲኪያትሪ ኣስገዳዲ ክንክን ኣብ ዝወሃበካ እዋን ገለ መሰላት ክድረቱ ይኽእሉ እዮም።



## ቴሌፎን፡ ኮምፒተርን ደብዳቤታትን

ኣብ መብዛሕትኡ እዋን ምስ ወለድኻ፡ ሞግዚትካ፡ ኣዝማድካን ፈተውትኻን ክትራኸብ መሰል ኣሎካ። ስለ'ዚ ክንክን ኣብ ዝወሃበካ እዋን ምስ ዝደለኻዮ ክትራኸብ ይፍቀደልካ።

ኣብ ፍሉይ ኩነታት፡ ብምድዋል ወይ ብኻልእ ኣገባብ ካብ'ቲ ክፍሊ ጥዕና ወጻኢ ምስ ዝርከብ ሰብ ንኸይትራኸብ እገዳ ክህሉ ይኽእል እዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ግን እቶም ርክባት ነቲ ጥዕናኻ ወይ ነቲ ዝወሃበካ ክንክን ከጋድድዎ እዮም ዝብል ገምጋም ምስ ዝህሉ ጥራሕ እዩ።

ኩሉ ግዜ ካብ/ናብ ጠበቓኻ ወይ ካብ/ናብ በዓል መዚ፡ እቶም ሰራሕተኛታት ከየንበቡ፡ ደብዳቤታት ክትሰድድን ወይ ክትቕበል መሰል ኣለካ። ይኹን እምበር፡ እቶም ሰራሕተኛታት ናባኻ ዝመጽእ ፖስታ ኣልኮላዊ መስተ፡ድራግ ወይ ካልእ ንዓኻ ወይ ናይ'ቲ ሆስፒታል ስነስርዓት ክጎድእ ዝኽእል ነገር ከምዘየሎ ንምርግጋጽ ፈተሻ ምግባር ከድሊ ይኽእል እዩ። እቶም

ሰራሕተኛታት ከምዚ ዓይነት ነገራት እንተረኺቦም ይህግርዎ።

1ይ ወይ 2ይ ደረጃ ውሕስነት ጸጥታ ኣብ ዘለዎ ክፍሊ ክንክን ዝተተሓዝካ ወይ ብውሳነ ቤት ፍርዲ ኣብ ቀይዲ ዝጸንሓኻ ወይ ንኽትፍኖ ፍሉይ ግምገማ ብዘድልዮ ፎረንዚቓዊ ክንክን ስነ-ኣእምሮ ዝተወሰነልካ እንተ ኾይንካን ኣብ 1ይ ወይ 2ይ ደረጃ ውሕስነት ጸጥታ ዘለዎ ክፍሊ ክንክን ይውሃበካ እንተሎ፡ እቲ ክንክን ጥዕና ዝፈቐደልካ ኮምፒተር ወይ ተሌፎን ጥራይ ኢኻ ክትጥቀም ትኽእል። ክሳብ ኣብኡ ዘለካ፡ እቶም ሰራሕተኛታት ኮምፒተርካን ተሌፎንካን ምስኦም የጽንሑልካ።

# እቶም ሰራሕተኛታት ንብረትካ ክምርምሩ ይኽእሉ እዮም።

ሓኪም ክህልወካ የብሉን ንዝበሎ ዘይፍቀዱ ነገራት፡ እቶም ሰራሕተኛታት ክቖጻጸሩ ይኽእሉ እዮም። እዚ ኣልኮላዊ መስተ፡ ድራግ ወይ ካልእ ንዓኻ ወይ ንኻልእ ሰብ ክጎድእ ዝኽእል ክኸውን ይኽእል።

ኣብ እዋን ፍተሻ፡ እቶም ሰራሕተኛታት ኽዳውንትኻን ሻንጣኻን ክቖጻጸሩ ይኽእሉ እዮም። ኣብቲ ክፍሊ ጥዕና ምሳኻ ክህልወካ ዘይፍቀድ ነገራት ንኸይህሉ ንምርግጋጽ ክዳውንትኻ ከተውጽእ እውን ክሓቱኻ ይኽእሉ እዮም። እቲ ፈተሻ ንዓኻን ኣካላትካን ብዘኽብር ኣገባብ ክፍጸም ኣለዎ።

# ምብጻሕ

ኣብ ሆስፒታል ኣብ እትጸንሓሉ እዋን ኣገደስቲ ዝኾኑ ሰብካ ክበጽሑኻ መሰል ኣለካ። ወለድኻ፡ ኣሕዋትካን ፈተውትኻን ኣብቲ ክፍሊ ጥዕና ኣብ ናይ ምብጻሕ ሰዓታት ክመጹ ይኽእሉ እዮም።

ኣብ ፍሉይ ኣጋጣሚታት እቲ ዑደት ክድረት ይኽእል እዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ እቲ ምብጻሕ ኣብ ጥዕናኻ ኣሉታዊ ጽልዋ ምስ ዝህልዎ እዩ።

## ንጥፈታትን ኣብ ደገ ግዜ ምሕላፍን

ክንክን ኣብ ዝወሃበካ እዋን መዓልታዊ ንጥፈታት ክትገብርን እንተወሓደ ንሓደ ሰዓት ኣብ መዓልቲ ኣብ ደገ ክትወጽእን መሰል ኣለካ። ኣብ ፍሉይ ኩነታት እዞም መሰላት ክድረቱ ይኽእሉ እዮም። እዚ ክኸውን ዝኽእል እቶም ንጥፈታት ኣብ ጥዕናኻ ኣሉታዊ ጽልዋ ምስ ዝህልዎ እዩ።

ይኹን እምበር ኣስገዳዲ ክንክን ኣብ እትረኽበሉ እዋን ካብቲ ክፍሊ ጥዕና ወይ ከባቢ ሆስፒታል ንበይንኻ ክትወጽእ ኣይትኽእልን ኢኻ። ነዚ ንምግባር ካብ ሓኪም ፍቓድ ክትረክብ ኣለካ።

ፍሉይ ግምገማ ብዘየድልዮ ፎረንዚቓዊ ክንክን ስነ-ኣእምሮ እንተ ተፈሪድካ፡ እቲ ቤት ፍርዲ እዩ ካብ'ቲ ከባቢ ሆስፒታል ርሒቕካ ክትኸይድ እንተ ደሊኻ ከፍቅደልካ ዝኽእል(ናይ ዕረፍቲ ፍቓድ)።

## ክትሳተፍ መሰል ኣሎካ

እቲ ዝወሃብ ክንክ ጥዕናን ሕክምናን ብዝተኻእለ መጠን ምስቲ ሕሙም ብምምኽኻር ክዳሎ ይግባእ።
 እዚ ማለት ክንክንካ ዝምልከቱ ገምጋማትን ለበዋታትን ሓበሬታ ክትረክብ ኣለካ።
 ብተወሳኺ ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ብዛዕባ ክንክንካ ዝሓልፉ ውሳነታት ክትዋሳእ ዕድል ክወሃበካ ኣለዎ።
 ማዕረ ማዕሪኡ ግን እቲ ተሳትፍነት እውን ድረታ ኣለዎ።

# ኣስገደድቲ ስጉምትታት

## ናይ መጨረሽታ ኣማራጺ ጥራይ ኣብ ዝኾነሉ

ኣብ ዕጹው ኣስገዳዲ ክንክን፡ ሰራሕተኛታት ኣለይቲ ሕሙማት ኣብ ፍሉይ ኩነታት ምስ'ቲ ድሌትካ ብቕጥታ ዝጻረድ ነገራት ክገብሩ ይኽእሉ እዮም። ካልእ ኣማራጺ ምስ ዘይህሉ ጥራይ እዩ ናይ ምግዳድ ስጉምትታት ክውሰድ ዘለዎ።

ኣብ ልዕሌኻ ኣስገዳዲ ስጉምቲ እንተ ተወሲዱ፡ ኣብ ሕክምናዊ መዝገብካ ክምዝገብ ኣለዎ።

## መድሃኒት በስገዳዲ

መድሃኒት ክትወስድ እንተ ዘይደሊኻ፡ እቶም ሰራሕተኛታት ነዚ ድሌት ብዝተኻእለ መጠን ከኽብሩ ኣለዎም። እቲ ኩነታት ኣዝዩ ጽንኩር ምስ ዝኸውን እሞ'ኸኣ ሓደ ሓኪም ዝተወሰነ መድሃኒት ክትወስድ ከም ዘለካ ምስ ዝውስን፡ ብሓይሊ መድሃኒት ክህበካ ፍቑድ እዩ።

## ብቕናት ምእሳር

እቲ ሓኪም ብቕናት ክትግታእ ከም ዘለካ ክውስን ይኽእል እዩ፣ እንተኾነ ግን ንነብስኻ ናይ ምጉዳእ ልዑል ሓደጋ ምስ ዝህሉን ካልእ ክግበር ዝኽእል ኣማራጺ ምስ ዘይህሉን ጥራይ እዩ። ካብቲ ፍጹም ኣድላዪ ዝኾነ ግዜ ንላዕሊ ንነዊሕ እዋን ፈጺምካ ክትግታእ የብልካን።

ዝኾነ ሰብ ብቕናት ገይርና ክንኣስረካ ኢና ወይ ንበይንኻ ክንፈልየካ ኢና ኢሉ ከፈራርሓካ የብሉን።

- በቲ ቅናት ተኣሲርካዮ ኣብ ዘለኻ እዋን፡ እንተወሓደ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኣርባዕተ ሰዓታት ብሓኪም ክትምርመር ኣለካ።
- እቲ ሓኪም ክንደይ ውሳነታት ክወስድ ከም ዝኽእል ደረት የብሉን። እቲ ብቕናት ንኽትግታእ ኣለካ ዝብል ምኽንያት ምስ ዘብቅዕ ግን ብቐጥታ ነጻ ክትልቀቕ ኣለካ።
- እቶም ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ኩሉ ግዜ ምሳኻ ኣብ'ቲ ክፍሊ ክህልዉ ኣለዎም።

## ንበይንኻ ምዃን– ኣብቲ ክፍሊ ምጽናሕ

እቲ ሓኪም ንበይንኻ ክትፍለ ከም ዘለካ ክውስን ይኽእል እዩ፣ ንኣብነት ኣብ ውሽጢ ክትዕጾ ወይ ካብ ክፍሊ ንኸይትወጽእ ክትኽልከል ትኽእል ኢኻ።

> ንበይንኻ ምፍላይ ኣገዳሲ ዝኸውን ንኻልኦት ክንክን ኣብ ምሃብ ጸገማት ምስ ትፈጥር ወይ ጎነጸኛ ዝኾነ ባህርያት ምስ ተርኢ ጥራይ እዩ።

- እንተበዝሐ ንሾሞንተ ሰዓታት ንበይንኻ ክትኸውን ክውሰን ይኽእል እዩ። ንንውሕ ዝበለ እዋን ንበይንኻ ክትኸውን ኣድላዪ ምስ ዝኸውን፡ እቲ ሓኪም እንተ በዝሐ ንሾሞንተ ሰዓታት ዘገልግል ሓድሽ ውሳነ ክውስን ኣለዎ። ኣብ ዝተወሰኑ ፍሉያት ኩነታት፡ ሓደ ውሳነ ልዕሊ ሸሞንተ ሰዓታት ንዝኸውን ውሱን ናይ ግዜ ገደብ ከመልክት ይኽእል እዩ።
- እቲ ሓኪም ክንደይ ውሳነታት ክወስድ ከም ዝኽእል ደረት የብሉን።ድሕሪ ደጊም ንኻልኦት ክንክን ንምሃብ ጸገም ምስ ዘይትገብር ግን እቲ ውሳነ ከብቅዕ ኣለዎ።
- ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ብስሩዕ ጸጸኒሖም ክከታተሉኻ ኣለዎም።

## ዝርርብ ድሕሪ ኣስገዳዲ ክንክን

ኣብ ትሕቲ ኣስገዳዲ ስጉምቲ ምስ ትነበር፡ ኩነታትካ ምስ ዘፍቅዶ ብቕልጡፍ ምስ ሰራሕተኛታት ዝርርብ ንኸተካይድ ዕድመ ክወሃበካ ኣለዎ። እቲ ዝርርብ ዝድግፍን ተመኩሮታትካ እትገልጸሉን ኣጋጣሚ ክኸውን ኣለዎ። እቲ ዝርርብ ሰራሕተኛታት ከመይ ገይሮም ክሕግዙኻ ከምዘለዎም ዝሓሸ ርድኢት ንኽረኽቡ ክሕግዞም ስለ ዝኽእል ኣብ መጻኢ ብዘይ ኣስገዳዲ ስጉምቲ ክሕግዙኻ የኽእሎም።

# ይግባይ ክትብል መሰል ኣለካ

እቲ ዝወሃበካ ክንክን ዝምልከት ውሳነታት ጌጋ እዩ ዝብል እምነት ምስ ዝህልወካ፡ ናብ ምምሕዳራዊ ቤት ፍርዲ ይግባይ ክትብል ትኽእል ኢኻ። ኩሎም ውሳነታት ግን ይግባይ ክበሃሉ ኣይክእሉን እዮም።

## እቶም ሰራሕተኛታት ከመይ ጌርካ ይግባይ ከም እትገብር ክነግሩኻ እዮም።

ኣየኖት ውሳነታት ይግባይ ክትብለሎም ከም እትኽእ ክሕበረካ እዩ። ከመይ ከም እትገብርን ይግባይ ከመይ ገይርካ ከምትጽሕፍን ክትሕበር ኢኻ። ብተወሳኺ ብዛዕባ ጠበቓ ምግባር ዘለካ መሰል ወይ ኣብ ዝተወሰኑ ጉዳያት ህዝባዊ ጠበቓ ንኽግበረልካ ዘለካ መሰል ክትሕበር ኢኻ።

## ህዝባዊ ጠበቓ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ

ንሓደ ውሳነ ናብ ምምሕዳራዊ ቤት ፍርዲ ይግባይ ኣብ ትብለሉ፡ እቲ ቤት ፍርዲ ኣብ ውሱናት ኩነታት ሓደ ህዝባዊ ጠበቓ ክመዘልካ ኣለዎ። ይኹን እምበር ዝሕግዘካ ጠበቓ ኣየድልን እዩ ተባሂሉ ምስ ዝግመት ህዝባዊ ጠበቓ ኣይምዘዝን እዩ። ካብ ህዝባዊ ጠበቓ ሓገዝ ምርካብ ናጻ እዩ።

# ምስ ዘይትዓግብ ወይ ሕቶታት ምስ ዝህልወካ

ኩሉ ግዜ ምስ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ወይ ሓኪምካ ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ። ንሳቶም ክሕግዙኻ እዮም፡ ጽቡቕ ክንክን ንኽትረክብ ናይ ምርግጋጽ ሓላፍነት ድማ ኣለዎም።

## ንዓይ እዉን ክትውከሰኒ ትኽእል ኢኻ!

## ርኢቶታትን ደገፍን

ኣብ 1177 ብዛዕባ ከመይ ጌርካ ርእይቶታት ከም እተቕርብ ወይ ብዛዕባ ክንክን ጥዕና ጥርዓን ከም እተመልክት ዝያዳ ከተንብብ ትኽእል ኢኻ። ኣብ 1177.se ብምእታው ”om du inte är nöjd” ዝብል ድለ። ብተወሳኺ ኣብ socialstyrelsen.se ”inte nöjd med vården”ኢልካ ብምድላይ ተወሳኺ ከተንብብ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ 1177 ንሕሙማትን ንመቕርብን ደገፍ ዝህባ ማሕበራት ዝምልከት ሓበሬታ ኣሎ። ኣብኡ ምስ ከማኻ ተመሳሳሊ ተመኩሮ ዘለዎም ሰባት ክትራኸብ ትኽእል ኢኻ። ኣብ 1177.se ብምእታው ”patientföreningar och närståendeföreningar” ንዝብል ድለዩ።

ናይ ኮምፒተር ምጥቃም እገዳ ወይ ደረት ምስ ዝግበረልካ እሞ በቲ ዝግበረልካ ክንክን ዕጉብ እንተ ዘይኮይንካ ምስቶም ሰራሕተኛታት ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ። ብተወሳኺ ብመሰረት LRV ክንክን ንዝርኽቡ ሕሙማት ዝምልከቱ ማሕበራት ሕሙማትን ማሕበራት ቤተሰብን ሓበሬታ ንምርካብ ካብ'ቶም ሰራሕተኛታት ሓገዝ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

# መዝገበ ቃላትን ኣሕጽሮተ ቃላትን

| | |
|---|---|
| **ዋና ላዕለዋይ ሓኪም** | ብስነ-ኣእምሮ ስፔሻሊስት ዝኾነ ሓኪምን ከምኡ'ውን ናይ'ቲ ኣስገዳዲ ሲካትርያዊ ክንክን ጥዕና ሓላፊ |
| **}ምምሕዳራዊ ቤት ፍርዲ** | ብዛዕባ ኣስገዳዲ ክንክን ክውስን ዝኽእል ቤት ፍርዲ |
| **በስገዳዲ መእተዊ ውሳነ** | ቅድሚ በስገዳዲ ክንክን ምርካብካ ክህሉ ዘለዎ ውሳነ ኣስገዳዲ ውሳነ። ናይ ምቕባል ውሳነ ዝውስነ ሓኪም፡ ናይ ስነ-ኣእምሮ ስፔሻሊስ ክኸውን ኣለዎ። |
| **ኮንታክት ፐርሰን** | ካብቶም ሰራሕተኛታት ሓደ ምሳኻ ኣብ ዝግበር ርክብ ፍሉይ ሓላፍነት ኣለዎ። |
| **LRV** | ሕጊ ብዛዕባ ክንክን ፎረንዚቓዊ ሲካትሪ |
| **ናይ ዕረፍቲ ፍቃድ** | ካብ'ቲ ሆስፒታል ወጻኢ ንበይንኻ ናይ ምኟን ተኽእሎ ኣሎ፣ ንኣብነት ኣብ ገዛኻ። |
| **ዕጹው ኣስገዳዲ ክንክን** | ኣስገዳዲ ክንክን ኣብ ሆስፒታል 24 ሰዓታት። |
| **ናይ ክንክን ምስክር ወረቐት** | ኣስገዳዲ ክንክን ንኽወሃበካ እታ ብቐዳምነት ተድሊ ናይ ሓኪም ምስክር ወረቐት። ናይ ክንክን ምስክር ወረቐት እንተሎ ክሳብ በስገዳዲ ክንክን ክወሃበካ ድዩ ኣይክወሃበካን ዝውሰን፡ ብዘይ ድሌትካ ኣብ'ቲ ሆስፒታል ክትጸንሕ ክትግደድ ትኽእል ኢኻ። |
| **ውጥን ክንክን** | ነቲ ዝወሃበካ ክንክንን ኣብ'ዚ ክንክን እንዳተወሃበካ ዘድልየካ ካልእን ነገራት ዝገልጽ ሰነድ |
| **ክፉት ኣስገዳዲ ክንክን** | ዝተወሰነ መድሃኒት ክትወስድ ወይ ኣብ ገለ ክንክን ክትሳተፍ ክትግደድ ትኽእል ኢኻ። ኣብ'ቲ ሆስፒታል 24 ሰዓታት ምኟን ግን ግድን ኣይኮነን። |

# መወከስታታት

ንኹሎም ሕሙማት ዝምልከቱ ሕግታት ኣብ ሕጊ ክንክን ጥዕናን ሕክምናን (HSL)፡ ሕጊ ሕሙማትን ሕጊ ድሕነት ሕሙማትን (PSL) ይርከቡ።

ስነ-ኣእምሮኣዊ ክንክን ብዘይ ድሌት ሕሙማት ዝምልከቱ ፍሉያት ሕግታት፡ ኣብ ሕጊ ኣስገዳዲ ክንክን ስነ-ኣእምሮ(LPT) ይርከብ።

ሕግታት ምዕቃብ ምስጢር ኣብ ሕጊ ግሉጽነትን ሕጊ ምዕቃብ ምስጢርን (OSL) ይርከብ።

እዚ ሓበሬታዊ ጽሑፍ ብመሰረት እቶም ንኣስገዳዲ ክንክን ስነ-ኣእምሮ ዝምልከቱ ሕግታትን ካልኦት ደንብታትን እዩ ተዳልዩ። እዚ ሓበሬታ ምርድኡ ንኽቐልል፡ ዝተወሰኑ ሕጋዊ ኣምርን መግለጺታትን ብዝቐለለ እዮም ተገሊጾም ዘለዉ።

Socialstyrelsen

ብመሰረት LPT (ዓንቀጽ ቁጽሪ 2024-9-9203) ኣስገዳዲ ክንክን ስነ-ኣእምሮ ንዝወሃቦ ዝምልከት ሓበሬታ ካብ መካነ መርበብና ከተውርዶ ትኽእሉ ወይ ድማ ካብ ናይ ሃገራዊ ቦርድ ጥዕናን ሰብኣዊ ድሕነት ክፍሊ ሕትመት ኣገልግሎት ክትእዝዙ ትኽእል ኢኻ።
www.socialstyrelsen.se/publikationer